## ጨንፈር ስያትል ናይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
## 10 ዓመታዊ ጉባኤኡ ኣካይዱ

## ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
## ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
**23.02.2005**

ጨንፈር ስያትል ተሓኤ ሰውራው ባይቶ ኣብ ነፍስወከፍ ክልተ ዓመት ዘካይዶ 10ይ ጨንፈር ጉባኤኡ ኣካይዱ። ጉባኤኛታት፣ ንደምበ ተቓውም ብሓፈሻ፣ ንተሓኤ ሰውራዊ ባይቶን ጨንፈር ስያትልን ኣመልኪቶም ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት እተኻየዱ ንጥፈታት ዓሚቑን ግሉጽን ዝኾነ ክትዓት ድሕሪ ምክያድ ናብዞም ዝስዕቡ ገምጋማት በጺሖም።

1. ደምበ ተቓውሞ ኣብ መንጐ ንተቓወምቲ ውድባት ዘራኽቦም ሓባራዊ ዕላማታትን ዝፈላልዮም ናይ ርሑቕ ዕላማታትን ዘሎ ንጹር ፍልልያት ክርዳእ ከምዘይከኣለን። ብኣንጻሩ ኣብ መንጐዚ ክልተ ዕላማታትዚ ምድውዋስ ከምዝጸንሐ፤
2. ኣብ መንጐ ኣብ ስያትል ዝርከቡ ኣባላት ተቓወምቲ ውድባት፣ ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ዝኾነ ይኹን ናይ ምውህሃድን ሓቢርካ ናይ ምስራሕን ተበግሶታት ከምዘይነበረ፤
3. ኣብ ዝሓለፈ 2 ዓመታት ዝኾነ ይኹን ተቓዋሚ ውድብ ዝኸሰቦ ዝርአ ቊጽሪ ናይ ሓድሽ ኣባልነት ከምዘይነበረ፤
4. ቅድሚ ክልተ ዓመታት ዝነበረ ጽቡቕ ማሕበራዊ ዝምድናታት ኣብ መንጐ ኣባላት ተቓወምቲ ውድባት ከምዝሃጐጐን ዝበነነን፤
5. ንሃገርናን ህዝብናን ንምድሓን ዘብቅዕ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ብሓባር እተኻየደ ፖለቲካዊ ይኹን ፕሮፓጋንዳዊ ንጥፈታት ከምዘይተኻየደ፤
6. ደምበ ተቓውሞ፣ እንተላይ ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ፣ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓመታት ኣብ ትርጉም ዘይብሉ ናይ ሕድሕድ ክስታት ግዜኡ ብኸንቱ ከምዘባኸነ ገምጊሞም።

ካብዚ ገምጋምዚ ብምብጋስ ጉባኤ ነዚ ዝስዕብ ውሳኔታትን ለበዋታትን ኣሕሊፉ፡-

1. ነቲ ሓባራዊ ዕላማታት ንምዕዋትን ጥዑይ ዝምድናታት ኣብ መንጐ ተቓወምቲ ውድባትን ኣባላትን ንምፍጣር ዘኽእል ዕቱብ ቃልስታት ምክያድ፤
2. ሓባራውን ናይ ፍልልይን ነጥብታት ብምንጻር፣ ንፍልልያት ብምኽባር፤ ንሓባራዊ ዕላማታት ንምጒልባት ምዕያይ፤
3. ኣብ መንጐ ኣባላት ተቓወምቲ ውድባት ክህሉ ዝግብእ ናይ ምውህሃድ ስርሓት ቀጻምነት ብምሃብ፥ ነቲ ኣብ መንጐ ኣብ ስያትል ዝነብሩ ኤርትራውያን ብሓፈሻ፣ ኣብ መንጐ ኣባላት ተቓወምቲ ውድባት ድማ ብፍላይ፣ ተፈጢሩ ዝጸንሐ ዘይምርድዳኣት ንምስጋር ተበግሶታት ከወስድ፤
4. ናይ ሓባር ሓድነታዊ ረቛሒታት ብምንዳይን ብምጒልባትን ንህዝብና ኣብ ጐድኒ ተቓወምቲ ውድባት ደው ከምዝብል ምግባር፤
5. ብመሰረት ኣብ ኣኼባ ካርቱም ዝብጻሕ ስምምዕ፣ ሓባራዊ ኣጀንዳ ብምውጻእን ሓባራዊ ኮሚቴታት ብምምስራትን ምቅላስ ዝብሉ ውሳኔታት ኣሕሊፉ።

ኮታ፥ እቲ ኣብ መንጐ ተቓወምቲ ውድባት ተፈጢሩ ዝጸንሐ ፍልልያትን ዘይምርድዳእትን ብሓድሽ መንፈስን ኣሰራሓን ንምትካእ፥ ኣባላት ውድብ ዝጸንሖም ስምዓታት ክቕይሩን ቅድሚ ካልኦት ተበግሶ ናይ ምርድዳእ ክወስዱን ተላብዩ።

ጕባኤ፥ ብመሰረት ዲሞክራስያዊ ህንጻ ሕግታት ውድብን ጨንፈሩን ንዝሓለፉ ክልተ ዓመታዊ ንጥፈታት ገምጊሙን፤ ብዝነበረት ሽምግለ ጨንፈር ዝቐረበ ጸብጻብ ተመያይጡን። ንመሪሕነት ውድብ ዝምልከት፥ ካብ ኣባላት ጕባኤ ዝቐረበ ለበዋታት ተቐቢሉ። ኣብ መደምደምታ፥ ሓዳስ መሪሕነት ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ብምምራጽ ጕባኤ ብዓወት ተዛዚሙ።